Region Örebro län

2016-09-06

# ግዝረት ጓል ኣንስተይቲ

ኣብ ሃገር ሽወደን ጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ፣ ብሕጊ 1982:316 ክልኩል እዩ። እቲ ሕጊ ከምዚ ይብል፦

1 § ካብ ግዳማዊ ጾታዊ መሳርዕ ጓል ኣንስተይቲ ቆሪጽካ ምልጋስ ወይ ኣብ ጾታዊ መሳርዕ ጓል ኣንስተይቲ ነባሪ ዝኾነ ለውጢ ንምምጻእ ዝወሰድ ስጉምቲ፣ ዋላ'ኳ እታ ጓል ኣንስተይቲ ንምግዛሪ ፍቓዳ እንተ ሃበት፣ ብሕጊ 1998:407 ዝተኣገደ እዩ።

2 § ንሕጊ ዓንቀጽ ቊ1 ዝጥሓሰ ክሳዕ 4 ዓመት ማእሰርቲ የፍርዶ። እቲ ምግዛር ሞት ወይ ጉድኣት እንተኣስዓበ ወይ ብጭካነ ምስ ዝትግበር፣ ከም ከቢድ ገበን ይቑጸር። ከቢድ ገበን ድማ፣ ካብ 2 ክሳዕ 10 ዓመት ማእሰርቲ ዘፍርድ እዩ። ናይ ምኽንሻብ ፈተነ ምግባር፣ ኣብ ናይ ምኽንሻብ ምድላዋት ተሓባባሪ ምዃን፣ ኣንጻር ሕጊ ምምሻጣር ወይ ገበን ተፈጺሙ ክነሱ ክትሓብእ ምፍታን፣ ብገበናዊ ሕጊ 1998:407 ምዕራፍ 23 ብሓላፍነት ዘፍርድ እዩ።

3 § ብመሰረት እዚ ዝተጠቕሰ ሕጊ፣ ሓደ ሰብ ገበን እንተፈጺሙ፣ ወንጀለኛ ሕጊ § 2 ዓንቀጽ 2 ወይ 3 ዘይምልከቶ ኮይኑ'ኳ እንተ መሰለ፣ ኣብ ሃገር ሽወደን ብፍርዲ የቕጽዖ እዩ።

SFS NR: 1982:316. DEPARTEMENT/MYNDIGHET: SOCIALDEPARTEMENTET.
UTFÄRDAD: 1982-05-27. ÄNDRAD: T.O.M. SFS 1999:267. ÄNDRINGSREGISTER: SFSR
KÄLLA: REGERINGSKANSLIET/LAGRUMMET - TIGRIANSK ÖVERSÄTTNING

Region Örebro län, Barnhälsovårdsenheten
Box 1613, 701 16 Örebro
E-post: barnhalsovarden@regionorebrolan.se
www.regionorebrolan.se/bhv